# መድረኽ

ሕታም 4 ቁ 10፤ 5/20/2014 Editor: Tesfaldet Bahlibi

## ኩሉ ነገራት ኣብ ግንዘበ

ራብዓይ ክፋል   Part1 Part2 Part3

**ትሕዝቶ ኣርእስትታት**



| ፍቕዲ | ዛዕባ | ገጽ |
|---|---|---|
| 1 | ኩሉ ነገር ኣብ ግንዘበ | 1 |
| 2 | መቕድም | 1 |
| 3 | ሓተታ | 1 |
| 4 | ጠንቅታት ውድቀት ናይ ጀብሃ | 3 |
| 5 | ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤን ፍርያቱን | 5 |
| 6 | ቀንዲ ውሳኔታት ጉባኤ | 6 |
| 7 | ምርጫ ሰውራዊ ባይቶ | 6 |
| 8 | ኣገባብ ቅብሊትስ ፍቕድን ድምጺ | 7 |
| 9 | ሰደቓ ኣስማት ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ናይ 1975 ዓም | 7 |
| 10 | ድምደማ | 10 |



## መቕድም

ቃልስና ነዊሕ እዩ፣ ዓወትና ናይ ግድን እዩ ዝብል ጭርሖ ኣለና፦ ግን ዓወትና ናይ ግድን ክኸውን ግድን ድዩ? ዝብል ሕቶ ብምልዓል፣

> "ንዓወት ዘብቅና ኣሰራርሓን ኣወዳድባን እንተለና ጥራይ እዩ ዓወትና ግድን ዝኸውን እምበር፣ ዕላማና ቅኑዕ ስለዝኾነ ጥራይ ቃልስና ክዕወት ይኽእል እዩ ማለት ኣይኮነን። ዘይብቑዓት እንተኾንና ክንዕወት ኣይንኽእልን ኢና። ጀብሃ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መካከል-ረውሕ ኢያ ዘላ፣ ጋም ማን ኢያ ትብል ዘላ"
>
> ተጋዳላይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ፡ ኣብ ኣኼባ 1979 ዓም ዝመደሮ
>
> Source: Togoruba

ሳልሳይ ክፋል ብኸምዚ ተደምዲሙ ይነብር።

"እቶም ቀንዲ: ንተጋደልቲ ጀብሃ ዘየ ተኣማምንዎም ዝነበሩ ምኽንያታት፡ ኣብ ምንታይ እዮም ነይሮም ንዝምልሽ ሕቶ፡ ክከም መጠኑ፡ ብናይ ዝተፈላለዩ ዕግበታት፡ ክም ዝምለሽ ኣየጠራጥርን። ክም ናይ ሓባር ረቛሒ ኮይኑ ክቐርብ ዝኽእል ግን፡ እቲ ካብ ሃይማኖታውን ወገናውን ዝውለድ ተረሓሓቕቲ መናፍስቲ እዮም። እዚ እናሃለወ እቲ ተመክሮ፡ ኪዳንን መሰልቶምን ከኣ፡ ብዝገደደ ተታሓሒዘሞ ዘለው ዕላማ፡ ኣብ ከንዲ ንረብሓ መላእ ህዝቢ ኣለልዮም ዝደኸሙሉ፡ ንፍሉይ ዕላማታት - ንምስልምና፣ ንመታሕት፣ ንቀቢላታት ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ እርማት እንተ ዝገብርሉ፡ እቶም ዓዲ ውዲል እና ኾና ንኸይድ ዘሎና ምቐሰና፡ እቶም መንእሰይ ከኣ ተሰፋ ምኾኖም።"

## ሓተታ

ግዜ፡ እቲ ቀንዲ መዓቀኒ (parameter) ናይ ለውጢ እዩ፡፡ ለውጢ ከኣ፡ ኣብ ነብሲወከፍ፡ ዝደቐቐት ህርመት ናይ ግዜ ይጅምር፡፡ ክም ህርመት ናይ ልቢ። ህያው ዘለዎም ፍጡራት ዘበሉ ኩሎም፡ ካብ ሓንቲ ትርግታ፡ ክሳብ እታ ቀጻሊት ትርግታ ልቢ፡ ኩሉ ግዜ ቀጻሊ ለውጥታት የርእዩ እዮም። ትንፋስ ይሰኽዑ፣ ይውለዱ፣ ይበልዩ፣ ይመቱን። እቲ በእዳዉ ኣልዒሉ ዝምገብ፣ እቲ ዘስተውዕል፣ እቲ ኣጥባዊ (mammal) ፡ ንሱ እቲ ብመልክዓ ስላሰ ዝተፈጥረ እንስሳ ዘቤት፡ ሰብ እበሃል።

fewsilybee@yahoo.com

*ሰብ ንባዕሉ፡ ካብ ዝውለድ ክሳብ ዝመውት፡ ምስ ኩነታት ከባቢኡ፡ እና ተለማመደን እና ተወሃሃደን፡ ናይ ለውጢ ምትዕጽጻፍ ክገብር ይግደድ። ለውጢ ክንብል እንከሎና፡ ንማሕበራዊ ጉዳያትና ዝምልከት እዩ። ሕብረተሰብና፡ ብኸመይ ከም ዝነብርን ከም ዝነባበርን ከም ኩነታቱ፡ ዘእትዎን ዘውጽኦን ንኽፈልጥ መታን ይጣበብ ወይ ይባላሕ እዩ።*

- *እቲ ብልሓት ወይ ጥበብ = ስርዓት የማዕብል፤*
- *እቲ ስርዓት = ሕጊ የማዕብል፤*
- *እቲ ሕጊ = ፍትሒ የማዕብል፤*
- *እቲ ፍትሒ ከኣ = ቅሳነት ወይ ማዕርነት የንግስ።*

*ንሕና ኤርትራውያን፡ ከም ሓደ ሕብረተሰብ መጠን፡ ካብ ብዙህን ማሕበረሰባት ስለ ዝቖምና፡ ኣነባብራና በብእዋኑ እና ኣቃሰና ወይ እና ኣመዓራሬና፡ ክንቅጽል መታን፡ ምስ ግዜ ክንራጸም ዘይ ኮናስ፡ ምስ ምቅይያር ግዘ፡ ክንቀያየር ክንክእል መታን፡ ኣእምሮና ኣዕሪፍና ወይ ኣስተርሒና፡ ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት፡ ከነኳማስዔን ናይ ግድን እዩ።*

- *ከመይ ኔርና ኣምሆ ዘመን?*
- *ከመይ ኣሎና ሎሚ?*
- *ከመይ ክንከውን ኢና ንጽባሕ*

*ብሓንሳብ ዝተተሓሓዙ ሰንሰለታውያን እዮም።*

*እቲ ናይ ኣምሆ ፍጻሜታት፡ ታሪኽና እዩ። እቲ ናይ ሎሚ ጽምዶ ከኣ፡ ይቕጽል ኣሎ። እቲ ናይ ጽባሕ ጉዕዞ ከኣ፡ ሕጂ ተጀሚሩ ኣሎ። ምዕባለ ታርኽ ማለት ከምኡ እዩ። ታሪኽና፡ ምግንጻሉን ምቅልሑን የድልዮ ደኣ እምበር ስኡድ እዩ - ካብ ዘመነ እኒ እኒ ክሳብ ሎሚ። ታሪኽና፡ ነቲ እና ተዛመደ ዝመጸ ሓደ ህዝቢ፡ ንስለ ክብሪ መንነቱ ንምዕቃብ፡ ዝተኻየደ ቃልሲ ረዚን እዩ። ከም ኣመዓባብልኡ ከኣ፡ ከይዱ ከይዱ ሓንቲ ናይ ሓባር ምድሪ ወኒኑ - ኤርትራ። ኤርትራ ስም **ምድሪ** ኮይኑ፡ ፖለቲካዊ መለለይኡ ከኣ **ሃገር** እዩ። ሃገርርርርር።*

*ናይ ኣምሆ ዘመን ታሪኽና፡ እቲ ብናይ ጻዕዱን ጸለምትን ባዕዳዊ ባርነት፡ ዝተሓልፈ መዋእላት ነበረ። መሪር ነበረ። እቲ ናይ ሎሚ ከኣ፡ ናይ ዘመነ ነጻነት ኮይኑ፡ ናይ ለውጢ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ። ጽቡቕ ኣለዎ፡ ሒማቕ ከኣ ኣለዎ። ነቲ ጽቡቕ ዝበለጸ ንኽሽውን መታን ድማ፡ ገለ መጸባበቒ ትውስኽሉ። ነቲ ኩፉእ ከኣ፡ ዝበኣሰ ስለ ዘለዉ፡ ኣብ ዝበኣሰ ከይ በጽሔ እንከሎ ገደብ የድልዮ። ምሉእን ኣዕጋቢን ለውጢ ግን፡ ናይ ቀጻሊ ግዜ ሕቶ እዩ። ንሕና ከም ኤርትራውያን መጠን፡ ኣደባትና ምስ ነመሓይሽ፡ ኣብ ቅድሜና ዘለዉ ዕድላት ክረኣዩና እዮም። ኣብ ክንዲ ከከፉኡ ጥራይ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ጸጽቡቑ ከህሉ ከም ዝኽእል ምስትውዓል፡ ናይ ርሑቕ ጠመተ ይሓትት።*

*ግዝኣት ባዕዲ ምስ ጸረግና ክሳብ ሕጂ፡ ምስቲ ዝተሓፍሰ ጽቡቕ ነገራት ዝተወልደ፡ ጽንኩርን ኣገዳስን ሕጽረታት ኣሎና። ንሱ፡ እቲ ብዲክታቶርነት ዝግለጽ ዘበታዊ ምሕደራ እዩ። ነዚ ምሕደራ እዚ ወይ ስርዓት፡ ንምቅዋም ዝተላዕሉ ተቓውሞታት፡ ክገልጽዎ እንከለዉ ከም መወዳድርቲ ዘይ ብሉ፡ ካብ ናይ ባዕዲ ጭቆና ዝመረረን ዝኸበደን ገይሮም የቕርብዎ። ኢዶ!!!! ጌጋ።*

*ንሓደ ጸገም ብልክዕ ከተለልዮ እንተ ዘይ ክኢልካ፡ ጉጉይ መኣረምታ ትወስድ እሞ፡ ኣብ ክንዲ እወንታዊ ውጺኢት ትረኽበሉ፡ ለኪሙካ ይጠፍእ። ኣብ ክንዲ ጸገም ትፈትሕ፡ ንባዕልኻ ጸገም ትኸውን። ልክዕ ከምቲ ናይ ጀብሃ ጉዕዞ፡ እዞም ተቓወምቲ ንባዕሎም፡ ኣብ ጉዳይ ሃገርና፡ ቀንዲ ጸገም ኮይኖም ይቕጽሉ ኣለዉ። ዓይነቶምን ብዝሖምን ቅጥዒ ዝሰኣነ ኮይኑ ዘሎ እዩ። እቶም ዝገደሙን መብዛሕትኦም እቶም ዳሕረዎትን፡ ዓይነታዊ ዕላማኦም ኣብ ትሕተ-ሃገራውነት ዝተደረተ ብምዃኑ፡ እንተ ደኣ ዕላማኦም ዘየማሓይሾም፡ ውዒሉ ሓዲሩ ምስ ህዝቢ ክራጸሙ ከምምዃኖም ሩጡባት ትንቢታት ኣለው። ነግ ፈረግ ከይ በሉ፡ ክፈልጥዎን ክጥንቀቑሉን ዘለዎም ጉዳይ፡ <u>ምሉእ ሃዝቢ ኤርትራ ሎሚ፡ ብረት ዓጠቕ ህዝባዊ መሊሻ ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ንመን ከምክት ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዘሎ ዘይ ምዝንጋዕ።</u>*

*ምቅዋም ብኸመይ ንዝብል ሓፍ ዘይ ብል ሕቶ፡ ክሳብ ብብቕዓት ተነጺሩ፡ ንኸመይነቱን ኣተጋባብርኡን ዝምልከት፡ ብዅሉ ናይ ሓቤሬታ መሳለጢታትን ምልሙላት ካድራትን፡ ኣብ ኣቓልቦ ህዝቢ ከይ ፈሰሰ፡ ዝውሰድ ተበግሶ ንኾንቱ እዩ። ከም ጉቡኡ፡ ነቲ ጸገም (problem) ብልክዕ ምስ ኣለሌኻ፡ ንዕኡ ዝምልከት መኣረምታ (resolve) ይውሰን። መጠን ናይ እቲ መኣረምታ ከኣ፡ እንተ ደኣ ልዕሊ ወይ ትሕቲ እቲ ጸገም ኮይኑ፡ ሓደገኛ ዝኾነ ሳዕቤን የኸትል። እዚን ዝኸምዝን እዩ ከኣ፡ ህላወ ተቓውሞ ብኣካልን ብግብርን ኣሎ ድዩ ወይስ የለን ተባሂሉ ዝሕተተሉ ዘሎ። መልሱ ስውር ኣይ ኮነን። ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ተቓውሞ የለን ስለ ዝበለ፡ ሓፍ ሓምበጥቕ ምባል እኹል ኣይ ኮነን። እንተ'ሎ'ዃ፡ ብኣካል ጠረው ናይ ዝበልካ ዘይ*

fewsilybee@yahoo.com

ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

*ኮነስ፡ ብተግባር ብኸመይ ከም ዘሎኺ ምርግጋጽ እዩ እቲ መልሲ።*

*ብመልክዕ ነጨበረር (individuals) ኣሎ። ፋሕ ብትን ዝበለ። መላኺ ዘይ ብሎም። ነዞም ሓደስቲ ማሕበር ደቂ መታሕት ዝበሃሉ ደማሚርካ ፡ 34 ዝኣኸሉ ውዳቤታት ክነሶም፡ ዳርጋ ዘየለው እዮም። ኣብ ምንጎኦም ዝኸይድ ዘሎ ምቅጻጽን፤ ተጻብኦታትን ዘይ ምስምማዕን፡ ብዝሕነቱ ጅኦሜትሪካዊ እዩ። (geometric progression = 17,179,869,184) ። ኣበይ ገጾም እዮም፡ ዝኸዱ ዘለዉ ኢልና፡ ንነስብስና ምስ ንሓትት፡ ተግባራቶም እዩ ዝምልሶ።* ***ማርሻንዴትሮ።*** *እቲ ናይ ማርሻንዴትሮ ጎደና ከኣ ከምዚ እዩ።*

- *ምቅዋም* ***ብኹሉ*** *ኣገባብ ዝኽተል - This is a paradox.*
- *ስምምዕ ኣብ* ***ዝወሓደ*** *ነጥቢ ዝኣምን - This too is another paradox.*
- *ንዝምድናታት ዝምልከት፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝዓሉ መደብ ዘለዎ ሓይሊ፡ ጥራይ ይኹን እምበር፡ ዋላ ምስ ደመኛታት ጸላእቲ ኤርትራ ምሽራኽ። ከም ምስ ወያነ ኢትዮጵያ። ከም ምስ እትየ ሱዛን። ከም ምስ ማዕቀብ። Semo semo with the history of Jebha's alliance with the Degue ንመታሕታዊ ራስ ገዝ.*
- *ነዛ ኣብ ከተማ ሕቡራት መንግስታ ዓለም New York እተምበልበል ዘላ ክብርቲ ባንዴራ ኤርትራ፡ ንሒጋውነታ ዝኽሕድን፡ ካልእ ጨርቂ ክቕይር ዝደሊ ተቓውሞ፡ ንዕግርግር ዝሓለነ እዩ።*
- *ንስለ ናይ ቀቢላታት መሰል ርእሰ ውሳነ ክሳብ ምግንጻል ዝዓጠቐ Unrealistic dream with no fit to the Eritrean society.*
- *ንስለ ምቑም ዲናዊ ወይ ሃይማኖታዊ ስርዓተ ሕግታት ዝዓጠቐ Back to ELF's bracing BeAsist ideology.*

*እዚ ከምዚ ዝመትከላቱ ተቓውሞ፡ ንሓደ ንጹር ሃገራዊ ዕላማ ዘገልግል፡ ንጹር ራእይን ስልትን ስለ ዘይ ውንን፡*

- *ንባዕሉ ዘይ ተለወጠስ፡ መንግስቲ ክልውጥ የኣይ፤*
- *ንባዕሉ ዘይ ሰመረስ፡ ህዝቢ ክሰምር የኣይ፤*
- *ንባዕሉ ዘይ ተቐየደስ፡ ህዝቢ ክመርሕ የኣይ፤*
- *ንባዕሉ ዘይ ከበረስ፡ ክብሪ ሃገር ክሕሉ የኣይ፤*
- *ንባዕሉ ሓራ ዘይ ኮነስ፡ ንህዝቢ ሓራ ከውጽእ የኣይ፤*
- *ንባዕሉ ዘይ ተለወጠስ፡ ምዕባለ ክልውጥ የኣይ...*

*ከመይ ገይሩ? ካብ ጀብሃዊ ውድቀት ዘይ ምምሃር፡ ስለ ምንታይ?*

*ታሪኽ ጀብሃ፡ ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ እዩ። እወንታዊ ስምብራቱ ንነጻነት ኤርትራ፡ በሪኽ ክብሪ ኣለዎ። እቲ ታሪኽ ፡ ከም ኩሉ ናይ ዝኾነ ታሪኻት፡ ካብ ጉድለታት ሓራ ኣይ ኮነን።  ጽብቐ ኣለዎ፡ ኩፍእ እውን ኣለዎ። እኩብ ድምር ናቱ ድማ ንውሉድ ወለዶ ዝኸውን፡ መሃሪ ተመኩሮ ኣለዎ። ካብቲ ተመክሮ'ቲ ፡ መን እንታይ ተማሂሩ ኣገዳሲ እዩ።*

*ሀልዊ ኩነታት ተቓውሞ፡ ብፍላይ ግን ናይ ኪዳንን ባይቶን፡ ምስ ታሪኽ ናይ ጀብሃ ብምስሳል እንክርኤ፡ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ንድሕሪት ገጹ እዩ።* ***ማርሻንዴትሮ።*** *ካብ ሕምቀታት ተመክሮ ናይ ጀብሃ፡ ተማሂሮም ኣብ ክንዲ ዝእረሙ፡ ብዝገደደ ኣተሓሒዞ፡ ሃገር ክበታትኑ ዘኽእሉ ውደባታት - ዲናዊ፤ ዓሌታዊን ኣውራጃውን ይካየድ ኣሎ። ንስለ ተመክሮ ምግምጋም ክሕግዝ መታን ከኣ፡ ኣብ ደቂቕ ትንተናታት ብዘይ ምእታው፡ ጉዕዞ ጀብሃ ኣብ ውሱን መድረኽ ዝተራእየ ዘልሓጥሓጥን ሳዕቤናቱን እንሆ።*

## *ጠንቅታት ውድቕት ናይ ጀብሃ*

*ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ናይ ጀብሃ፡ ኣብ ናይ ባዕላ ውሽጣዊ ሕምቀታት፡ ብቐዳምነት ይምልከት። ካብ ትጅምር ክሳብ ትውድእ፡ ኣብ ምንጎ ገዳይምን ኢገዳይምን ተጋደልቲ፡ ናይ ሓድሕድ ዘይ ምትእምማን፡ ቀንዲ ረቋሒ ነበረ። ብኻልእ መነጽር*

*እንክርኤ ድማ፡ ከም ናይ ወለዶ ጋግ (generation gap)፡ ኣብ መንጎ መንእሰያትን ዓበይትን፡ ከም ኮይኑ ይጎልሕ። በቲ ካልእ ጎድኑ እውን፡ ከም ኣብ ምንጎ ተመሃሮን (ናስ ኣልመድረሳ) ገባሮን ፍልልያት መሲሉ ይርኤ። በቲ ካልእ መልክዕ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ኣጋይሽን ተቐበልቲ ኣጋይሽን፡ ከም ማለት ይኸውን።*

*እቶም ኢ.ገዳይም፤ እቶም መንእሰይ፤ እቶም **ናስ ኣልመድረሳ፡** እቶም ኣጋይሽ፡ ብብዝሒ እቶም ደቂ ከበሳ ነበሩ። እቶም ገዳይም፤ ዓበይቲ፤ ገባሮን ተቐበልቲ ኣጋይሽን ከኣ፡ መብዛሕ ትኦም ደቂ መታሕት ነበሩ። ብሓጺሩ፡ እቲ ዘይ ምትእምማን፡ ኣብ ምንጎ ከበሳን መታሕትን ኮይኑ፡ እቲ ስክፍታ ብዝያዳ ኣብ ልዕሊ ደቂ ከበሳ ዘቕለበ ነበረ።*

*ውድብ፡ ብመንእሰይ እና ሃብተመት ምስ ከደት፡ ካብቶም ገዳይም መራሕቲ ግን፡ ርኡይ ሰሃሮ ይንጸባረቕ ነበረ። ኣብ ራብዓይ ክፍላ ናይ 1975 ዓም ኣቢሉ ከኣ፡ ካብ ወተሃደራዊ ቤጽሕፈት ዝወጸ ዕላዊ /ረስሚ ትእዛዝ፡ ሓደስቲ ተጋደልቲ ንኺይከተቡ ዝኽልክል ተመሓላሊፉ። ክሳብ እቲ ወርሓት እቲ፡ ዋሕዚ ናይ ንኽከተቡ ዝመጹ ዝነበሩ መንእሰይ ከበሳ ወይ ከስታን፡ ብቑጽሩን ዓይነቱን ብርኩት እዩ ነይሩ። እቲ ትእዛዝ፡ ከኽተቡ ንዝመጹ ሓደስቲ ኣጋይሽ፡ ነናብ ዝመጽዎ ከም ዝምለሱ ምግባሮም፤ ወይ ከኣ ንሱዳን ክስደዱ ምግባሮም ዝብል መምርሒ ነበሮ። መዓት ሓሳር ከኣ ኣስዒቡ።*

*ክውን ኣብነታት ከምዚ ነበረ፡፡ ሓደ ሻምበል ባሻ ፖሊስ፡ ስሙ ሃንስ ንበሎ። ስርሑን መዓርጉን ረጥሪጡ፡ ንሃገሩ ክስዋኣላ መታን፡ ካብ መደበር ፖሊስ ጎንደር ኣምሊጡ፡ ንሜዳ ምስ መጸ፡ ናብታ ዝመጸእካያ ተመለስ ወይ ከኣ ንሱዳን ትሓልፍ ምስ ተባህለ፡ ናብታ ዝመጻ ክምለስ ስለ ዘይ ክእልን፤ ንሱዳን ድማ ክስደድ ስለ ዘይ ደልን፡ ዝወረዶ ምዝንባል ንሰማዒ ይጭነቆ። ሓንቲ መንእሰይ መምህር፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ፡ ንኤርትራ ክትስዋእ ኢላ፡ ጎቦን ኩርባን፤ ባሕርን ጣሕርን ጥሒሳ ዝመጸት፡ ስማ ፍረወይኒ ንበላ። ዕድላ፡ ከም ናይ ሻምበል ባሻ ሃንስ ነበረ። ብኸምዚ ዝተዛናበሉ ዕስለ መንእሰይ፡ ናብ ሻዕብያ ዝተሰለፉ ውሑዳት ኣይ ነበሩን። ስለምታይ? ገዳይም መራሕቲ፡ ውድብ ብደቂ ከበሳ ይርቕረቕ ስለ ዝነበረ ኣሰኪፉዎም።*

*ከምዚኦምን ዝኸምኦምን ዝኣመሰሉ <u>ነዘውቲ</u> ውሳኔታት፡ ብስሩዕ ኣገባብ ፍተሻን መጽናዕትን እንተ ተገይሩሎም፡ ንኣሸቱ ይመስሉ ይኾኑ ደኣ እምበር፡ ሳዕቤናቶም ነታ ውድብ ንኽትዘናበል ዘኽኣሉ ወሰኽ ጸገማት ኮይኖም ምተረኽቡ። መዓት ጫቕጫቕ፤ መዓት ሕቶ፤ መዓት ርእይቶ ይቐርቡ ደኣ ይንበሩ እምበር፡ ነቶም ገዳይም ተጋደልቲ ግና፡ ዘይ ተጸበይዎን ዘይ ተዳለውሉን ተሳትፎ ናይ ኣል ሓበሸን ሰቒር ኣል ሓበሸን ስለ ዝነበረ፡ ኣዝዩ ኣጨኒቕዎምን ኣጋግይዎምን እዩ። ብጻይ ዓብዱ ይመስክር።*

*ኣብ ጀብሃ፡ ብውሕዱ መሰል ምዝራብ ነይሩ እዩ፡ ተባሂሉ ይዝረብ እዩ። ልክዕ ኣይ ኮነን። እቲ ልክዕ፡ ካብ መሰረታት ተጋደልይቲ፡ ሕቶን ርእይቶን ዝወረደ ይውረደና ብዝብል እምንቶ፡ ንመሪሕነታት ጀብሃ፡ ካብቲ ዝተሓተ መራሕ ጋንታ፡ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ኣቦ መንበር፡ የቕርብሎም ነይሮም እዮም። እቶም ዝወርዱ ዝነበሩ ጠለባት፡ ሕልንኦምን ተበግስኦምን፡ ንቁርቁስ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣይ ነበሩን። እንታይ ደኣ? ንስለ ምምሕያሽን ምሕያልን ውድብ እዩ ዝነበረ።*

*ንሳ፡ እታ ኣደ ሶውራ፤ ዳርጋ ሰለስተ ርብዒ ሜዳ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ዝነበረሉ እዋን፡ ከም ዕቤታ መጠን፡ ዘይ ተጸበየቶን ዘይ ተዳለወትሉን፡ ምዕባለ እዩ ገጢሙዋ። ብዙሓት ፖለቲካውን ምምሕዳራዊን ጸገማት። ኣብ መላእ ሜዳ ኤርትራ ከኣ፡ እቲ ጸገም ሓደ እዩ ነይሩ። ተራ ተጋደልቲ፡ ኣብ ዘዝነበርሉ ኩርናዕ ኮይኖም፡ ጠለባቶም ቁሉዕን ዘይ ምእኩልን ኮይኑ፡ ንስለ ምዕራይ ውድቦም ደኣ እምበር፡ ነቶም ገዳይም ተጋደልቲ፡ ኣብ ሓላፍነቶም ወይ ስልጣኖም ክማቐልዎም ደልዮም ኣይ ነበሩን። እንታይ ደኣ?*

*ንኣፈታትሓ ግርጭታት ዝምልከት ኮዩኑ፡ ኣትክሩኡ ድማ ኣብ - ሀ) ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሁ) ኣብ ናይ ስምረት ሕቶ ምስ ሻዕብያ ዝምልከት ሂ) ኣብ ጽልዋታት ናይ ዓረባዊ ሰልፊ በዓስ ዝምልከት፤ እንቶ በዚ እንቶ በቲ፡ ንሱ እዩ ነይሩ። በዚ ሕቶታት እዚ ዝፈርሑ ገዳምይ ተጋደልቲ፡ ኣብ ክንዲ ዘላቒ ፍታሕ ዝገብሩሉ፡ ብወተሃደራዊ ዲሲፕሊናዊ ሕግታት (ለሓያ ኣል ዓስከርያ) ክገትእዎ ይፈትኑ ደኣ እምበር፡ እቲ ፍልልይ መመሊሹ ይገፍሕ ነይሩ። እንተ ኾነ፡ መስርሕ ንናይ ካልኣይ ሀገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ምክንዋን ስለ ዝነበረ፡ እዞም ብዙሓትን ዘይ ምኩራት ተጋደልቲ፡ ኩሉ ጸገማት ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ዝፍታሕ ይመስሎም ስለ ዝነበረ፡ ንመዓልቲ ጉባኤ ከም ሕርሲ መላእ ላም፡ ሃንቀው ይብልዎ ነበረ።*

*ከምዚ እናኾነ እንከሎ ድማ፡ ነቲ ዝኺይድ ዝነበረ ምርሕሓቓት፡ ኣብ ዝኸፍኤ ናይ ዘይ ምትእምማን ደረጃ ዘብጽሔ፡ ሓዲሽ ኩነታት ኣብ ቅድሚ ገደና ኣስመራ ተከሰተ - ውግእ ሓድሕድ ምስ ሻዕብያ። ብሰንኪ'ዚ፡ ዕለተ ጉባኤ ጀብሃ፡ ንዘይ ተወሰነ ግዜ ተመሓላለፈ።*

fewsilybee@yahoo.com

ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

*ውግእ ሓድሕድ፡ ካብ 1971 ክሳብ 1975 ዓም፡ ዝነበረ ዓመታት፡ ኣውያቱ ኣብ ዘይ ሰማዕ፡ ኣብ ፈቐዶ ሩባን ኩርባን ጎላጉልን መታሕት ይካየድ ነበረ። እዚ ኩሉ እና ተኻየደ እንከሎ፡ ብህዝቢ መታሕት፡ ንምትዕራቖ ይኹን ንምግትኡ፡ ዝሓለነ ተበግሶ ከም ዝወሰደ ኣይ ዝከርን። ናይ ሰበዓን ሓሚሽተን፡ ኩናት ሓድሕድ ወኪ ዛግር ግን፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ጉዕዞ ገድሊ ዝለወጠ ታሪኻዊ መድረኽ ኮይኑ፡፡ ብኣውርኡ ድማ፡ ከቢድ ብድሆ ንመራሕቲ ጀብሃ ዝኸሰተ መድረኽ ነበረ። እቲ ብድሆታት፡ ካብዞም ዝስዕቡ ተረኽቦታት ይነቅል።*

- *ህዝቢ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ንጦር ሰራዊት ብምጥሓስ፡ ጉጥጉጥ ኢሉ ወጺኡ፡ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሓድሕድ ኩናት ጠጠው ከብል መታን፡ እኩብ መሰዋእቲ ክኸፍል ብሂወቱ ተጣሊዑ።*
- *በዚ ኣጋጣሚ እዚ፡ ንህዝቢ ኣስመራ ብሓደ መዓልቲ ንምጽናዕ፡ ንጦር ሰራዊት ካብ ሰማይ ዝወረደሎም ህያብ ምኽኒት ብምንባሩ፡ ፍቓድ ካብ ፕረሲደንት ኢትዮጵያ ነበር፡ ጀንራል ኣማን ዓንዶም፡ ብመንገዲ ኣዛዚ ሁለተኛ ክፍለ ጦር ተሓቲቱ። ብሳላ ጸሎት እዝግእተ ማርያም ኣስመራ ወላዲተ ኣምላክ፡ ጀንራል ዓማን ዓንዶም፡ እዛ ርግምቲ ሲጋ ስለ ዝቐንጠወቶ፡ ካብ ዓዲስ ኣበባ ባዕሉ ነስመራ ብምብራር፡ ነቲ ሰሪቡ ዝነበረ ህልቂት ህዝቢ ነጺጉ፡ ህዝቢ ካብ ወፍሪ ዕርቂ ተጋደልቲ፡ ብሰላም ነንገዝኡ ንኽምለስ ገይሩ። ሰብካስ፡ ኣብ ኩሉ ደኣ ይጽናሕካ!!!*
- *ኣባላት ናይ ሓንቲ ኣሃዱ ጀብሃ፡ ምስ ኣሕዋትና ተጋደልቲ ሻዕብያ፡ ኣብ ሓድሕድ ኩናት ኣይ ንካፈሎን ብምባል ወተሃደራዊ ትእዛዝ ጥሒሶም።*
- *ከምቲ ናይ ጀብሃ ተበግሶ ዝነበረ፡ ነዞም ጸረ ገድሊ ዝበለቶም፡ ካብ ከበሳ ንሳሕል ጸራሪጋ ኣውሪዳ፡ ከተዳቕቖም (ተሰፍያ) ከም ዝነበረ ጉሁድ ነበረ። ዳርጋ ኮይኑላ ነይሩ እዩ ከኣ። ሻዕብያ ተደፊኣ ነይራ እያ። ኣብ ሓንቲ ናይ መወዳእታ ዕርዲ፡ ኣብታ በዓል ሳልሕ ጠጠው ዝተሰውኡላ፡ ተደፊኣ ከም ዝነበረት ይዝረብ። ብሳላ ተበግሶ ምዑት ህዝቢ ግን፡ ንሱ ድማ "ንሱ'ኹም ደቅና ንሳቶም ደቅና" ኣብ ዝብል እምነት ረጊጾም፡ ነቲ ኩናት ጠጠው ክብል ከም ዘለዎ፡ ብዝገበሩሎም ተጽዕኖ፡ ጀብሃ መጥቃዕታ ጠጠዉ ኣቢላ። እቲ ኩናት ከኣ ተገቲኡ።*
- *ህዝቢ ኣስመራን ከባብን፡ ምስ ክልቲኣተን ወድባት ጽቡቕ ገይሩ ተላልዩ። ሻዕብያ ከም ግዳይ፡ ጀብሃ ከኣ ከም ነዛዊት መሲለን ተራእየን። ጀብሃ ኣብ ተነጽሎ ህዝቢ ከይ ትሸመም ኣውን ስክፍታ ፈጢሩ።*
- *ክልተ መራሕቲ ውድባት፡ ተጋዳላይ ሕሩይ ተድላ ባይሩኡን ካብ ጀብሃ፡ ተጋዳላይ ኢሳያስ ኣፍወቂን ከኣ ካብ ሻዕብያ፡ ኣብ ሓደ ጽላል ተራኺቦም ተዘራሪቦም።*
- *ኣብ1971 ዓም፡ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ጀብሃ፡ ንሻዕብያ ኣመልኪቱ ዝጸደቐ መትከል፡ ከም ጸረ ገድሊ፡ ብዓረብ ከኣ ከም ሶውራ ኣልመዳዳ ነበረ። እዚ መትከል እዚ ኣብ 1975 ዓም. ንኸበሳ ምስ ወጸ፡ ኣብ ባይታ ዝነበረ ወድዕነት ብዝኸሰቶ ኩነታት ተሳዒሩ፡፡ ተጋደልቲ ጀብሃን ህዝቢ ከበሳን፡ ንውድብ ሻዕብያ ከም ናይ ነጻነት ገድሊ ደኣ እምበር፡ ከም "ጸረ ገድሊ / ሶውራ ኣልመዳዳ" ከም ዘይፈልጦም ኮይኑ።*
- *እቲ ጸረ ገድሊ ዝብል፡ ናይ ቀዳማይ ጉባኤ ውሳነ ስለ ዝነበረ፡ ክቕየር እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ብደረጃ ጉባኤ ጥራይ እዩ ዝብል መትከል ስለ ዝነበረ፡ ቅድሚ ካልኣይ ጉባኤ ጀብሃ ምክያዱ፡ ኢድ ናይ ሕሩይ ተድላ ባይርኡ ዝተሓወሶ፡ ኮይኑ ከም ዝተጣሕሰ ተወርዩ።*
- *ተጋዳላይ ሑሩይ ተድላ ባይርኡ፡ እቲ ዝለዓለ ስልጣን ነይሩዎ እዩ፡ እኳ እንተ ዘይ ተባህለ፡ ዝለዓለ መዓርግ ወይ መዝነት ግን፡ ዝነበሮ እዩ፡፡ ናይቲ እዋን'ቲ ኣቦ መንበር ጀብሃ፡ ኣብ ሃገራት ዓረብ ዝቐመጥ ዝነበረ፡ ተጋዳልይ ኢድሪስ መሓመድ ኣደም ነበረ፡፡ ተጋዳላይ ሕሩይ ከኣ፡ ምክትሉ ስለ ዝነበረን፡ ኣብ ወጻኢ ይነብር ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣጋጣሚ ኣብ መወዳእታ ራብዓይ ክፍላ ዓመት ናይ 1974 ዓም ንሜዳ ኣብ ዝኣተወሉ እዩ እቲ ሓዲሽ ኩነታት ማዕቢሉ። ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ስለ ነበረ ድማ፡ ምክትል ናይ ኣቦ መንበር፡ እድሪስ መሓመድ ኣደም ነበረ። በቲ መስርሕ'ቲ፡ ናይ ሽዑ እዋን፡ ውድባዊ ስርዒት ከም ዝጠልቦ፡ ዝለዓለ መዓርግ ዝነበሮ ንሱ ነበረ። ዝለዓለ፡ ስልጣን ወይ ሓይሊ ነይርዎ ማለት ግን ኣይ ኮነን። Just like a symbolic king short of governing power in the affairs of a nation.*

*እቲ መድረኽ'ቲ ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ክልቲኣተን ውድባት በብመንገደን፡ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ርክባተን ምስ ህዝቢ ከዕዝዛ ኀሰጉሰን። ብወገን ጀብሃ፡ ኩነታታ ንኽትግምግም ክሕሻ መታን፡ ናብቲ ኣንጠልጢላቶ ዝጸንሔት ዕለት ጉባኤ፡ ንኽትገብር ኣብ ወርሒ ግንቦት 1975 ንበርካ ወረደት።*

fewsilybee@yahoo.com

ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

## *ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤን ፍርያቱን*

*ተጋባእቲ ጉባኤ፡ ገሊኦም ናብቲ ምዱብ ቦታ ጉባኤ ክበጽሑ ምስ ቀረቡ፡ ብዙሓት ተጋባእቲ ግን ናብቲ ቦታ ድሮ በጺሖምሲ ኣዕሪፎም እንከለዉ፡ ናይ ኢትዮጵያ ሓይሊ ስለላ፡ ነቲ ቦታ ስለ ዝፈለጥዎ፡ ሓይሊ ኣየር መጺኤን ደብዲበናኦ። ናይ ማሕበር ሰራሕተኛታት ሓላፊ ዝነበረ ካድር፡ ተጋዳልያ ዓሊ ሕንጢ ከኣ ሽዑ ተሰዊኡ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ቦታ ጉባኤ ክቕየር ስለ ዝነበሮ፡ ብሃታሃታ ተጻኒዖ ኣብ ሓደ ድሑን ዝኾነ ቦታ፡ ኣብ ሽናጭሮ ሓርኔታይ ዝበሃል ቦታ ግዒዙ።*

*ጉባኤ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ፡ ዝያዳ ናይ ሓደ ወርሒ እዋን ወሲዱ።* ***<u>መጀመርታ ናይ መወዳእታ ህላወ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብዚ ኣጋጣሚ እዚ ተኸሲቱ። ንዘስተውዓለሉ።</u>*** *መዓት ዘይ ምትእምማን፡ ኣብ ሞንጎ ጉዳይምን ዘይ ጉዳይም ተጋድልቲ ኣብ ክልተ ደንቤታት ዝመስል ምውግጋናት ተራእዩ። ናይ ስውእ ተጋዳላይ ዓብደላ እድሪስ በቲ ሓደ ወገን፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ሕውስውስ ዝበለ ኮይኑ፡ በዓል ተጋዳልይ ሕሩይ ዘለውዎ ነበረ።*

*ጸብጻባት ውድብ፡ ከካብ ኩለን ቤት ጽሕፈታት ኣብ ጉባኤ ወረደ። ገለ ካብኡ ንተጋዳላይ ሕሩይ ጥራይ ዘሕምም ኣሉታታት ዝተባህሉ፡ ከም ምስ ናይቲ፡ ኣብ ከበሰ ኣብ ሞንጎ ክልተ ውድባት ዝነበረ ምዕባለ ዝምልከት ነበረ። ሕሩይ እውን ብወገኑ ዘቕረቦ ጸብጻብ ቀሊል ኣይ ነበረን።* ***<u>እቲ ሃዋህው ከም ዘመልከቶ፡ እቲ ናይ ጉዳይም ሓይሊ፡ ነቲ ግድምና ዘይ ነበሮ ሓይሊ፡ ንሓደ መዕገርገሪ ቆልዓ፡ ኣባታዊ/እኖታዊ ዲስፕሊን ከም ዘድልዮ መጠን፡ ብኸመይ ሜላ ከም ዝከናኸኖ፡ ይሰራሕ ነይሩ። ሽዑ ህልዋት፡ ጸኒሖም ዝተሰውኡ ተጋደልቲ፡ ከም በዓል መልኣከ ተኽለ፤ ወልደዳዊት ተመስገን፤ ስዩም ዑቕባሚካኤል - ሓረስታይ፡ ከም ሓደስቲ ሓለፍቲ ኮይኖም ተወሊዶም። እዚኣቶም ናብቶም ደምበ ጉዳይም ተጋደልቲ ብምስዳዕ፡ ንመርኣያ ዘይ ጉዳይም ተጋደልቲ መሲሎም ንኽሕግዙ፡ ተስፋ ዝተ ነብረሎም ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ንዓታቶም እውን ከይነሓፉ፡ ነታ ናይ ጥፍኣቶም ጽዋእ፡ ሕርሕራይ ገይሮም ኣስትዮሞም።</u>***

*ኣብቲ እዋንቲ ዘይ ንፈልጦ ዝነበርና፡ ሓደ ስውር ሓይሊ ነቲ ጉባኤ ይዝውሮ ነይሩ። እቲ ሓይሊ እቲ፡  ጸኒሑ ኣብ 1978 ዓም ብሓደ ኣባል ናቱ ዝነበረ፡ ብሕሩይ ተድላ ባይሩ ዝተኸሸሐ፡ ማርክሲስት ማሕበር ዕዮ እዩ - Marxist Labor Party.*

*ጉባኤ ብኣሰናዳኢት ሽማገለ ተኸፊቱ፡ ከም መደባቱ ክቕጽል ምስ ጀመረ ከኣ፡ ሕቶ ብዛዕብ እቶም ኣብ ርብዳ ዝነበሩ ተዓለምቲ ተጋደልቲ ተላዒሉ። ኣብ መዓስከር ርብዳ ዝነበሩ ተዓለምቲ ተጋደልቲ፡ ኣስታት 7000 ዝኾኑ፡ ንጉባኤ ዝካፈሉ ወከልቶም ብወግዒ መሪጾም ነበሩ። ከም ኩሎም ጉባኤኛታት፡ ኣብቲ ዝተመደበ ዕለትን ቦታን ኣቐዲሞም ክበጽሑ ነይሮምም። ኣይ ተገብረን። ጉባኤ ከኣ፡ ብዘይ ህላወ ናታቶም ክቕጽል ምስ ተሃቀነ፡ ብዘይ ብኣታታቶም ንቕጽል ዝብል በቲ ሓደ ወገን፡ ኣይ ንቕጽል ኢና ዝብል ከኣ በቲ ካልእ ወገን ብምዃን ተፋጠጠ። ጠንቂ ናቱ፡ ዘይ ምትእምማን ኣብ ሞንጎ ጉዳይምን ዘይ ጉዳይምን ዝነበረ እዩ። ድሕሪ ክንዳይ ታዕታዕ ግን፡  ክሳብ እቶም ዝተባህሉ ተዓለምቲ ተጋልደልቲ ዝመጹ ጉባኤ ንገለ መዓልታት ጠጠው ኢሉ።*

*ጉባኤ ዳርጋ ኣብ ምዝዛሙ ገጹ ምስ በጽሐ ከኣ፡ ኣብ ኣጀንዳ - ንኸመይነት ኣቀዋውማ ሶውራዊ ባይቶን፡ ነተን ትሸዓተ ፈጻምቲ ቤት ጽሕፈታት - Departments ዝምልከት ከዛተ ምስ ጀሚረ፡ ኣብ ጽዕጹዕን ተኣፋፍን ክትዕ ኣትዩ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ረበሻ ዲና ክንብሎ ወይ እምባጋሮ ተላዒሉ። ብዙሓት ተጋባእቲ፡ ድምጽና ኣይ ንህብን ኢሎም፡ ጉባኤ ረጊጾም ነናብ መደቀሲ ቦታቶም ክኸዱ ምስ ተበገሱ፡ እቲ እማመ ክሰሓብ ተገዲዱ። እቲ ዘሰሓሓበ ዛዕባ እንታይ ነበረ?*

*ንምልኪ ጉዳይም ተጋደልቲ ክጥዕም መታን፡ ብልክዕ ድማ፡ ንኣዛዚ ሰራዊት ጀብሃ - ንስውእ ተጋዳልይ ዓብደላ እድሪስ፤ ውድብ ጀብሃ፡  ብወግዒ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ስልጣኑ ከም እትመሓደር ንምግባር ነበረ።  ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት፡ ምክትል ናይ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ንኽኸውን ተፈተነ። ዕግርግር ምስ ተፈጥረ ድማ ተሳሒቡ።  በዚ ኢልካ በቲ ግን፡ እተን ኣገደስቲ ቤት ጽሕፈታት፡ ብጉዳይም ተጋደልቲ ከም ዝመሓደራ ተገብራ። ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር፡ ንስውእ ተጋዳላይ ኣሕመድ ናስር፤ ምክትል ናቱ ድማ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ከም ትኸውን ተገብረ።  ብኸምዚ ከኣ መሪሕነት ጀብሃ ናይ 1975 ዓም. ተወደበ።*

## *ቀንዲ ውሳኔታት ጉባኤ*

*1. ንሻዕብያ ንዝምልከት፡ ጸረ ገድሊ ዝብል ሰም ተላዒሉ፡ ሃገራዊ ሓይሊ ምዃኑ ተፈሊጥሉ። ዕርቂ ወይ ስምረት ብመንገዲ ዘተ ክኸውን ተወሲኑ።*
*2. ሓንቲ ናይ ስምረት ሽማገለ ምስ ሻዕብያ እትዛተ ክትህሉ ተሓጊጉ።*
*3. ሶውራዊ ባይቶ ብ41 ኣባላት፡ ፈጻሚ ኣካል ከኣ ብ9 ኣባላት ክመሓደር።*
*4. ሶውራዊ ባይቶ ካብ ውሽጡ፡ 9 ፈጻምቲ ኣባላት ክመርጽ።*

fewsilybee@yahoo.com

ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

## ***ምርጫ ሶውራዊ ባይቶ***

*1. ጉባኤ፡ ስዉእ ተጋዳላይ ኣባ ወልደሃይማኖት ዝርከብዎም፡ ብ12 ተጋደልቲ ዝቖመት ሽማገለ ምርጫ ተመሪጻ፡፡ ድምጺ ናይ መረጽቲ ተቐቢላ፡ ውጽኢቱ ናብ ጉባኤ እትቕርብ እያ። ሓደ ካብ ኣቶም፡ እዚ ኮብላሊ ደራሲ እዚ ነበረ። ተጋዳላይ ኣባ ወልደሃይማትኖት ድማ፡ ኣብ ውግእ ምሕራር ከተማ መንደፈራ፡ ከም ተሰውኡ ይፍለጥ።*
*2. ተወዳደርቲ ንመናብር ገድላዊ ባይቶ ዝኾኑ፡ ካብ 200 ንላዕሊ ተጋደልቲ ተሓጺዮም።*
*3. ሓደ መራጺ፡ ድምጺ ናቱ ካብቶም 200 ዝኾኑ ተወዳደርቲ፡ ብግዲ ን41 ክህብ ኣለዎ። እቶም ብቑዓት እዮም ዝብሎም 20 ጥራይ ዋላ ይኹኑ፡ ናይ ግድን ን21 ይፍለጦም ኣይ ፍለጦም፡ ይጥቀሙ ኣይ ጥቀሙ ክውስኽ ኣለዎ። እተ ዘይ ኮነ፡ ቲኬቱ ትሓርር።*

## ***ኣገባብ ቅብሊትን ፍቕዲ ድምጺን።***

1) *ሽማገለ ምርጻ፡ በብጉጅለታት ኣብ ሓያለይ ድኳናት ተማቓቒላ ድምጺታት ተቐቢላ።*
2) *ኣብ ቆጸራ ምስ ኮነ ግን፡ ናይ ሽማገለና ግደ፡ ከም ሓንቲ ጸሓፊት ወይ ኣገልጋሊት፡ ናይ ሓደ ኣማሓዳሪ ቤት ጽሕፈት ኮይና ሰሪሓ። እዛ ሽማገለ ዚኣ፡ ኣብ ርእሲቲ ተመክሮ ብዘይ ጸገበ መንእሰይ ዝቖመት ምኟና፡ ነንሕድሕዶም ዘይ ፋለጡን ዝተሓፋፈሩን ተጋደልቲ፡ ካብ ፈቐዶ ግምባራት ዝመጹ ነበሩ።*

*<u>እቲ ከም ኣማሓዳሪ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ፡ ዝመርሕ ዝነበረ ኣካል፡ ብርክት ብዝበሉ ቁጽሪ ዝሓዘ፡ ናይ ኣዕራብ ጉጀለ ነበረ፡፡ እቲ ጉጅለ'ቲ፡ ብኣቡ ዓላ ዝበሃል ወኪል ናይ ሰልፊ በዓስ ስርያ ዝምራሕ ነበረ። ዓቡ ዓላ፡ ኣብ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ጉዳያት ናይ ጀብሃ፡ ጽቡቕ ተሰማዕነት ከም ዝነበሮ ይዝረበሉ።</u>*

3) *<u>ቅጥዕታትን ኣገባብን ናይ ምጥርቓም ድምጺታት፡ ኣቡ ዓላን ጉጅሊኡን ብዘማዕበልዎ መስርሕ ተኻይዱ። ድምጽታት፡ ንኽኽሽንን ንኽጉዕጸጽን ዝተጻጥሔ ነበረ። ሓደ ገዲም ተጋዳላይ፡ ክምረጽ ከም ምኟኑ ትጽቢት ተነቢሩሉ ዝነበረ - ወዲ ተላ ተሪፉ።</u>*
4) *ሽማገለ ምርጻ፡ ድሕሪ ናይ ሓያሎይ መዓልታት ስራሕ፡ ተልእኮኣ ወዲኣ ጸብጻባ ንጉባኤ ኣውሪዳቶ። ገለ ካብ ኣባላታ፡ ኣብ ገጾም ዝረኤ ዝነበረ ፈሳም ወጅሃት፡ ምልክት ናይ ጓሂ ከም ዝነበረ እዩ። ብዝኾነ ይኹን ከኣ 41 ኣባላት ሶውራዊ ባይቶ ኮይኖም ዝተመርጹ እዞም ዝስዕቡ ነበሩ።*

## ***ሰደቓ ኣስማት ኣባላት ሶውራዊ ባይቶ ናይ 1975 ዓም***

| ፍቕዲ | ኣባል ባይቶ | መዓርግ | ግብራዊ መዝነት | ግድምና |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ኣሕመድ መሓመድ ናስር | ሊቀመንበር | ዳርጋ ከም መዓርጉ | ገዲም |
| 2 | ኢብራሂም ቶቲል | ም/ሊቀመንበር/ርእሰ ፖለቲካዊ ጉዳያት | ከም መዓርጉ | ገዲም |
| 3 | ዓብደላ ኢድሪስ | ርእሰ ወተሃደራዊ ጉዳያት | ልዕሊ መዓርጉ | ገዲም |
| 4 | ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) | ዋና ጸሓፊ | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 5 | ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ | ርእሰ ሕብረተሰባዊ ጉዳያት | ከም መዓርጉ | ገዲም |
| 6 | ሓምድ መሓመድ ዓሊ | ርእሰ ቁጠባዊ ጉዳያት | ከም መዓርጉ | ገዲም |
| 7 | መልኣከ ተኽለ | ርእሰ ጸጥታዊ ጉዳያት | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 8 | ኣዜን ያሲን | ርእሰ ወጻኢ ጉዳያት | ከም መዓርጉ | ገዲም |
| 9 | ተስፋማርያም ወልደማርያም | ርእሰ ዜናዊ ጉዳያት | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 10 | ማሕሙድ ሓሰብ | ኣባል | ልዕሊ መዓርጉ | ገዲም |
| 11 | ሑሰን ከሊፋ | ኣባል | ልዕሊ መዓርጉ | ገዲም |
| 12 | ዓብደልቃደር ሮሞዳን | ኣባል | ከም መዓርጉ | ገዲም |
| 13 | ሳልሕ ህያይ | ኣባል | ልዕሊ መዓርጉ | ገዲም |
| 14 | መሓመድ ሓምድ ዑስማን (ቱምሳሕ) | ኣባል | ልዕሊ መዓርጉ | ገዲም |
| 15 | ሓምድ መሓመድ ማሕሙድ | ኣባል | ልዕሊ መዓርጉ | ገዲም |
| 16 | ዮውሃንስ ዘርእማርያም | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ? |
| 17 | ዓብደላ ሱሌማን | ኣባል | ? | ገዲም |

fewsilybee@yahoo.com
ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

| ፍቕዲ | ኣባል ባይቶ | መዓርግ | ግብራዊ መዝነት | ግድምና |
|---|---|---|---|---|
| 18 | ዮሱፍ ሱሌማን | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 19 | ሃብተ ተስፋማሪኣም | ኣባል | ? | ? |
| 20 | መሓመድ እስማዒል ዓብዱ | ኣባል | ልዕሊ መዓርጉ | ጉዲም |
| 21 | ፍስሃየ ገብረስላሰ | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 22 | ተስፋይ ተኽለ | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ጉዲም |
| 23 | ዓሊ መሓመድ ኢስሓቅ | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 24 | ታረቐ በራኺ | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 25 | ኢብራሂም ኢድሪስ መ. ኣደም | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 26 | ሓይለኣብ ዓንዱ | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 27 | ከሊፋ ዑስማን | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 28 | ኢብራሂም ገደም | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 29 | ኣምና መሊኣኪን | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 30 | እድሪስ ሮሞዳን | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 31 | ዓሊ መሓመድ ኢብራሂም | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 32 | ኣብራሃም ተኽለ | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 33 | ስዒድ ሑሰን | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 34 | በሺር ዓብደልቃድር | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 35 | ዮሱፍ ብርሃኑ | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 36 | ማሕሙድ በሺር | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 37 | ሱለማን ሙሳ ሓጅ | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 38 | ዓንደኣብ ገብረመስቀል | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ጉዲም |
| 39 | ግርማይ ገ/ስላሰ (ቀሺ) | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |
| 40 | መሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ | ኣባል | ? | ጉዲም |
| 41 | ገብራይ ተወልደ | ኣባል | ትሕቲ መዓርጉ | ሓዲሽ |

*ብኽምዚ ኣፍራይነት፡ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ጀብሃ፡ ኣብ ክልተ ተጠራጠርቲ ደምበ ብምክፍፋል ተዛዚሙ። እቲ ዝሓየለን ዝተሞኮረን፡ እቲ ናይ ጉዳይም ተጋደልቲ ሓይሊ ነበረ፡፡ እዚ ሓይሊ እዚ እዩ፡ ከም ሓደ ዑውት ሓይሊ ኮይኑ ኣቢቦ ኣቢቦ እና በለ ዝወጸ። በቲ ኻልእ ወገን ከኣ፡ እቲ ዝነቓሔን፤ ዘይ ተሞኮረን ናይ ሓደስቲ ምጻእ ሓይሊ ነበረ፡፡ እዚ ከኣ ብተሳዓርነት ዝሓረቐን ዝነሃየን ሓይሊ ኮይኑ፡ ንውዕሎ ጉባኤ እና ኣሸካዕለሉ እዩ ነናብ ቦትኡ ተመሊሱ። ኣብ መላእ ሜዳ ከኣ፡ ናብ መራሕቲ ውድብ ዝቐርብ ዝነበረ፡ መዕለቢ ዘይ ነበሮ ጭቕጭቕ - ሕቶን ርእይቶን እና ጋሕመጠ ከይዱ።*

*ኑቲ ከም ሓዊ ዝባራዕ ዝነበረ ኩነታት፡ ኣብ ክንዲ መተሃዳድኢ ዝግበረሉ፡ በንጻሩ ግን፡ ሶውራዊ ባይቶ ላምባ ነስኒሶምሉ። ብመሰረት ናይ ጉባኤ ውሳነ፡ ብዛዕባ ዘተ ስምረት ዝመልከት፡ እታ ናይ ስምረት ሽማገለ፡ ስርሓ ከይ ጀመረት እንከላ፡ ኣባላት ሶውራዊ ባይቶ ድማ፡ ብኢደ ወናኒኦም፡ ምስ ስውእ ተጋዳላይ ዑስማን ሳሕልሕ ሰበ፡ ኣብ ባቕዓድ ብምርኻብ፡ ብዛዕባ ስምረት ዝምልከት ኣብ ስምምዕ በጺሖም - fiasco።*

*ኣብቲ እዋን እቲ፡ መሪሕነት ሻዕብያ ዳርጋ ኣብ ክልተ ጉጅለ ዝተመቐለ - ኣብ ናይ ወጻእን ናይ ውሽጥን መሪሕነታት ዝመስል ኮይኑ፡ ስውእ ተጋዳላይ ዑስማን ሳልሕ ሰበ ከኣ ፡ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ወኪል ሻዕብያ ዝነበረ እዩ። መራሕቲ ጀብሃን ሰበን፡ ሃንደስቲ ናይ'ዚ ዝተባህለ ስምምዕ ከም ምዃኖም መጠን፤ ነቶም መራሕቲ ሻዕብያ ናይ ሜዳ ኣብቲ ጽቡሕ መኣዲ መታን ከኣንግድዎም፡ ኣኼባ - ኣብ ሜዳ እኳ ከይ ከውን፡ ኣብ ካርቱም ከጋብእ ተዓዲሞም። እዚ መስርሕ'ዚ ምስ ተወርወረ፡ ኣብ መትከላውን፤ ፖለቲካውን፤ ዲፕሎማስያውን ጉዳያት ክልተ ውድባት፡ ብቐጽበት ኣብ መላእ ሜዳ ኤርትራ፡ ከበድቲ ምንቅጥቃጣት ኣስዒቡ።*

*1. ወከልቲ ውድብ ሻዕብያ ናይ ሜዳ፡ ከም መጸዋዕትኦም ንኻርቱም ተረኺቦም። እቲ ተዋዲዱ ዝነበረ ኣኼባ፡ ንናይ ስምረት ዘተ ዝምልከት ከም ምኳኑ ተሓቢርዎም። ነዚ ምስ ተኣንገዱ፡ ባዕላቶም ብዝፈልጥዎ ምኽንያት ይኸውን ነጸግዎ። ነበሶም ኣውጺኦም ድማ ንሳሕሎም ኣንሰሓቡ፡፡ ኣይ ደንጎዩን ድማ፡ ሳበ ከም ቀደሙ ዘይ ኮነ፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ጉዳያቶም፡ ዘይ ውክሎም ከም ምዃኑ ኣዊጆም። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ሳበ ጃላ ኮይኑ ተረፈ። ንመራሕቲ ጀብሃ ግን፡ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ*

*ገይሮም ስለ ዝተቐበልዎ - "እንቛዕነይ ከምዚኣ በለትየ እንቋዕ ተዓለለት" ኮንትሎም። ብምትሕብባር ናታቶም ከኣ፡ ውድብ ፈጢሮሙሉስ ተፈንጭሉ ተባህለ።*

*መራሕቲ ጀብሃ፡ ንውድቦም ክርምሱ ዘኽእሉ ነገራት፡ ከይ ፋሕተሩ ኣይ ስጉሙን ነበሩ። ሻዕብያ ኣብ ክልተ ውድባት ተፈናጭላ እንክብሉ ገምገሙ። ነዘን ክልተ ውድባት ዝበልወን ከኣ፡ ሕጋውነቶም ብማዕረ ምስ ኣመንሉ፡ ንጉዳይ ስምረት ኣመልኪቶም ድማ፡ ዘተ ምስ ክልተ ሻዕብያ ክገብሩ ምዃኖም ቁሩብነቶም ኣርኣዩ። ቅንይ ኢሉ፡ ኣብ ስሉሳዊ ውግእ ሓድሕድ - ምስ ውሽጦም፣ ምስ ሳበን ምስ ሻዕብያን፡ ከም ዘኽትል ተደፈንዎም። እዚ ከምዚ ኢሉ ንሻዕብያ ዘንቀጥቀጠ ኩነታት፡ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ከኣ፡ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ እሳተ ጎሞራ ናይ ግርጭታት ፈጠረ።*

2. *መሰረታት ተጋደልቲ ጀብሃ፡ መብዛሕትኦም ዘይ ጉዳይም ዝነበሩ፣ መራሕቶም ካብ ቀይዲ ውሳነ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ወጺኦም፡ ከም ፊን ዝበሎም ክፍሉሉ ስቕ ኢሎም ክርእዩ ኣይ ከኣሉን። ፋሉላዊ መራሕቲ ጀብሃ ኣብ ወጥሪ ተጋደልቶም ኣተዉ። መሰረታት፡ 1) ስለምንታይ እታ ጉባኤ ዝመዘዛ ሽማገለ ስምረት፡ ክትሰርሕ ዘይ ተገብረት 2) ስለምታይ መራሕትና፡ መዝነት ናይ እዛ ዝተባህለት ሽማገለ ኣሕዲግኩም፡ ብኢደ ወናኒኹም፡ ኣብ ባቕዳድ ምስ ሰበ ዘቲኹም 3) ስለምንታይ ንሰበ ከም ተፈንጨለ ኣሚንኩምሉስ፡ ካብ ከተማታት ሱዳን ከም ካብ ወደልሒለውን ከሰላን ክኸትብ ተሓባቢርኩም 4) ስለምንታይ . . . ስለምንታይ . . . መዓት ውሽጣዊ ጉድለታት ዘይ ተኣረመ . . .*
*እንዳ ተሓተ፡ ሜዳ ኤርትራ ካብ ዳር ደንካልያ ክሳብ ዳር ባርካ፣ ካብ ዳር ሳሕል ክሳብ ዳር ሰንዓፈ፣ ካብ ዳር ኦምሓጀር ክሳብ ዳር ድባርዋ፣ ካብ ዳር ኣርባዕታ ዓሸር ክሳብ ዳር ባጽዕ፡ ዘይ ምእኩልን ሓያልን ተቓውሞ፡ ንመራሕቶም ክሳብ ኣእምሮኦም ዝስሕቱ ኣሸምበቡሎም።*

*ሶውራዊ ባይቶ ብወገኖም ስለ ምንታይነቶም መታን ክገልጹ፡ ኣብ መላእ ሜዳ ተመቓሪሖም ኣኼባታት ተጋደልቲ ኣካይዶም። ነቲ ዝገበርዎ ፋሉልነት እንክ መሻኸንሉ ከለዉ፡ ከምዚ ክብሉ መደሩ። ጌጋና ኣብ ኣገባብ ደኣ እምበር፡ መትከላዊ ወይ ቅዋማዊ ጌጋ ኣይ ገበርናን። ስለዚ፡ ፈቲኹም ጸሊእኩም፡ ንሕና ከም መራሕትኹም፡ ንስኻትኩም ከኣ ከም ተኣዘዝቲ ጥራይ ኳና ኢና ንሰርሕ ዝዓይነቱ እንክብሉ ማሕለኻታት ኣኸረሩ። ምትእምማን ዝበሃል ተሰወረ። እቲ ጸገም ካብ ዝኸፍኤ ናብ ዝገደደ ተሰጋገረ።*

*ሶውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ናታስ ናብ ሓማታ ከም ዝበሃል፡ ሓደ ሓደገኛ ዝኾነ ቅጽል፡ ነዚ ናይ መሰረታት ሓይሊ ለጠፉሉ -* ***ፋሉል****፡ ብሒም ዝበለ ፋሉል፣ ምዕይ ዝበለ ፋሉል፣ ሻዕብያ ዝበለ ፋሉል፣ ኣድሓርሓርቲ ዝበለ ፋሉል፣ ጠምየ ዝበለ ፋሉል፣ ዓሪቖ ዝበለ ፋሉል፣ ዕጥቂ ጎደለ ዝበለ ፋሉል ኩሉ . . . ፋሉልል . . . ፋሉል . . . ኮነ ዘረባ ሶውራዊ ባይቶን ካድራቶምን።*

*ፋሉል፡ ሳጓ ደኣ እምበር፡ ጥርናፈ ኣይ ነበረን። ውድብ ኣይ ነበረን። ተዋጋኢ ደኣ እምበር፡ መራጠጢ ኣይ ነበረን። ሓታቲ ደኣ እምበር ተሓታቲ ኣይ ነበረን። ተመራሒ ደኣ እምበር መራሒ ኣይ ነበረን፡፡ ፍቕሪ ውድቡ ደኣ እምበር፡ ጸረ ውድብ ኣይ ነበረን። ጀብሃዊ ደኣ እምበር፡ ሻዕብያዊ ኣይ ነበረን። ጸረ ፋሉልነት ደኣ እምቤር፡ ፋሉል ኣይ ነበረን።*

*ፋሉል እንተ ዝነብር ደኣ፡ ነቶም ኣባላት ሶውራዊ ባይቶ ዝነበሩ፡ ብሓንቲ መዓልቲ ከቃብጾም ዘኽእሎ ኣቑሑት፡ ኣብ ዕጥቁን ኢዱን ዝነበሮ እዩ። ፋሉል እንተ ዝነብር ደኣ፡ ኣበየናይ ስልጡን ዓለም ዝተራእየ እዩ፡ ኣባላት ፈጻሚት ሽማገለ፡ ኣብ ከበሳ ምስ ገለ ሓይልታት ኣብ ኣኼባ ምስ ተራጸሙ፡ ብሰላም መኣስ ምወጹ ነይሮም። እዞም ተጋደልቲ፡ ካብ ምንጽርጻር ዝተላዕለ ስጉምቲ፡ ንገለአ ሰዓታት ንመራሕቶም ዕጥቆም ኣራጊፎም፡* ***ጅሆ ሒዞሞም ከብቅዑ፡*** *ብዘይ ሓደ ጉድኣት ኩሉ ዝነበሮም ሕቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም፡ ናብ ንቡር ስርሖም ክቕጽሉ ለቒቖሞም።*

*ደቂ ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢ፡ ጥራይ እዮም ከምዚ ዝኣመሰለ ሕውነታዊ ጭዋነት ዝሕብሕቡ። ከም ሰብ ብረት ዓጠቕ - ከም ኣልቓዲዳ፣ ኣልሸባብን፣ ቦኮሓራምን ነይሮም እንተ ዝኾኑ፡ ተመስገን ኣምላኽ፡ ኣብ ተጣዒስካ ዘይ ሕከኽ፡ ጸሊም ታሪኽ ምኣቶና ኔርና። እዝን ዝኸምዝን ምዑቡል ክብርታት፡ ናይ ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ እዩ፡ መን ምዃና ፈልዩ ዘለልየና። መራሕቲ ጀብሃ ግን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ክብርታት ኣይ ነበሮምን፡፡ ይሃድኑ ደኣ። ንመን ዘይ ሃደኑ - ሓረካ፣ ዑበሊን፣ ሻዕብያ፣ ሰልፊ ነጻነት፣ ፋሉል ንዝበልዎም፣ ሳበ፣ የሚን፣ ድጉል ፋሉል . . . ።*

*ኣብ 1993 ዓም፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከኣ፡ ደቂ ሓንቲ ልቢ ሓደ ህዝቢ፡ ጀጋኑ ተጋደልቲ ሻዕብያ፡ ከምኡ ዝመሳሰል ታሪኽ ሰሪሖም። ንፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ንዝተወሰነ ሰዓታት ጅሆ ምስ ሓዝዎ፡ ኣበየናይ ስልጡን ዓለም ዝተራእየ እዩ፡ ብኣኽብሮት ነቲ ትጽቢታቶም ዝጠልቦ ዘበሉ ነገራት ከሳለጠሎም መታን ተላብዮም፡ ብሰላም ናብ ስርሖ ከም ዝምለስ ዝገበሩ። ደቂ ሓደ ልብን ሓደ ህዝብን ጥራይ እዮም ከምዚ ዝገብሩ።*

fewsilybee@yahoo.com
ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

*መሪሒነት ጀብሃ ግን፡ ነቲ ዝቐረበሎም ሰላማዊ ሕቶ፡ ኣብ ክንዲ ብሰላማዊ መንገዲ ዝፈትሕዎ፡ ኲናት ሓድሕድ ኣብ ልዕሊ እቲ ፋሉል ኢሎም ዘጸለምዎ ኣውጀም። ገይሮሞ ከኣ ኣብ 1977 ዓም። እቲ ብንቕሓቱን ጅግንነቱን ጸብለል ዝበለ መትንናት ናይ ጀብሃ፡ ኣስታት ሰለስት ሽሕ ዝኸውን፡ ናብ ሻዕብያ ዑቕባ ክሓትት እኳ እንተ ሰገረ፡ ኢዱ ክህብ ምስ ተገደደ ግን፡ ኢዱ ሂቡ። ጊሊኡ ከኣ፡ ካብ ምስ ጀብሃ ወይ ምስ ሻዕብያ ዝዋጋእ፡ ምስ ጦር ሰራዊት እና ተሓናነቐ ምስዋእ፡ ስለ ዝመረጸ፡ ነስመራ ዘሊቑ ብምእታው፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ እና ተዋጋኤ ዝተሰውኤ ጉጀለ ወዲ ዓንድመስቀል - ፋሉል ስለ ዝኾነ ድዩ? ገሊኡ ከኣ፡ ኣብ ዑቕባ ሃገረ ሱዳን ተሚሙ። ሕዳሪነይቲ ጀብሃ፡ ነዞም ኣለዉ ዝበሃሉ፡ ዘይ ገዳይም ካድራትን ሙዑታት ተዋጋእቲ ሓይልታትን ምስ ከሰረቶም፡ ሽዑ ንሽዑ ሰንኪላ - that was it, the end of the ELF. The followed four years were time for cleaning up the remaing mess of its house.*

*<u>እዞም ፋሉላውያን መራሕቲ ጀብሃ፡ ነዚ ታሪኻዊ ሕሰምዚ ኣመዝጊቦም ክንዲ ዝሓንክሉ፡ ኣብ ካልእ ናይ ቅንጻላ ዕዮ ገዛ ኣትዮም። ኣንጻር ናይ ካልእ ሓይሊ ብምትንሳእ፡ ከዳቕቕዎ ወሲኖም። እቲ ሓይሊ እቲ ባዕሎም ዝፈጠርዎን ዘዕጠቕዎን፡ ኣብ ዕርድታቶም ኣቕሚጦም ዝሓብሓብዎ ከነሶም፡ ነታ ቀንጻሊት ጥይቶም ወይ ካርኦም ኣስሪሖማ። ኲናት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሳበ ከፊቶምሲ - ጥዋዕዋዕ ኣቢሎም። ግልብጥ ኢሎም ከኣ፡ ኣብ ውሽጥና ድጉላት ፋሉል ኣለውና ብምባል፡ ንብዙሓት ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣብ ማእሰርቲ ምጎራብ ኣእትዮም ንሓያሎይ ዓመታት ድፋጫኦም ኣብሊያሞም።</u>*

*ሳላ ግዜ ብዝወለዶ ተኣፋፊ ምዕባለ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ጀብሃ፡ እዞም እሱራት ተጋደልቲ፡ ግዜ ባዕሉ ፈቲሑዎም እንተ ዘይ ነብር፡ መን እፈልጥ - ዕድሎም ብኸመይ ከም ዝድምደም።*

*እዚኦም ነበሩ እቶም መራሕቲ ጀብሃ፡፡ ነታ ጅግና ሰውእ ኢድሪስ ሓመድ ዓዋተ ዝሐደገልና ጋምባለ፡ ንዓታቶም ብዝያዳ ከም ትብጽሖም፡ ጸቡቕ ገሮም እናደሃሉና፡ ክሳብ 1981 ዓም ተጠቒምምላ። መወዳእትኦም ከኣ፡ ኣብ መሬት ሱዳን ራሳይ ኮይኑ። <u>ብደም ክልተ ገንሸላት፡ ናይ ሰውእ መልኣከ ተኸለን ስዎእ ሓምድ ቱምሳሕን ተደምዲሙ።</u> ወዮ ደኣ፡ እዚ ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ ኣሰላሙን ክስታኑን፡ ብናይ ሓደ ልብን ሓደ ህዝብን ሰንሰልት ሓድነት፡ ገጥ ዝበለ ስለ ዝኾነ እዩ ድሒና ዘሎና እምበር፡ ሃይማኖታዊ ኲናት ከባራዕ፡ መራሕቲ ጀብሃ ዘሳወርዎ ሓዊ ቂሂሙ እዩ።*

*ንስለ ጽድቂ ምዝራብ ግን፡ እቶም በዚ ዝተጠቕሰ ጉድለታት ዝድወኑ፡ እቶም ኲሎም ኣባላት ሶውራዊ ባይቶ ዝኾኑ መራሕቲ ኣይ ኮኑን። ገሊኣቶም ስኳ ደኣ ግዳያት ናታ እዮም። እቲ ውርደት፡ ነቶም ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን "ሃይኣት ኣል ኣርካን/supreme military council" ኮይኖም ገበርትን ሓደግትን ዝነበሩ ኮይኖም፡ ምስ ገለ ገለ ተሓባበርቶም መራሕትን፡ ገለ ስሑላት ካድራቶምን ዘጠቓለለ እዩ። ገለ ኣባላት ሶውራዊ ባይቶ፡ ንሱዳን ዕቑባ ዝሓተቱ ዝርከብዎም ክኾኒ እንከለዉ፡ ገለ ድማ ኣብ ማሕቡስ ምጎራይብ፡ ዝምርቱ ዝነበሩ ነይሮም።*

## *ድምደማ*

*ስለዚ፡ ውድብ ጀብሃ ንፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ማሕበራውን ቁጠባውን: ክስርሑ ዘኽእሉ መደባት: ኣብ መዛግባ ዋላ እኳ እንተ ነበሩ፡ ብሰንኪ ሰንካም ዝኾነ ገዲማዊ ትምክሕትታትን ፍርሕን ፈሪሳ። ጀጋኑ ተጋደልቲ: ኣብ ኩሉ መደባቶም: ብጸብለልትነትን ተወፋይነትን: ኣብ ልዕሊ ሰራዊት መግዛእቲ: ዝሓፍስዎ ዝነበሩ ዓዋት መስዋእቶም፡ ንመራሕቶም ግን ኣጠራጣሪ እዩ ዝነበረ። እቲ ዘሰደምም ከኣ፡ ወድ ዓሻሽ ክልተ ግዘ ይህረም ከመ ዝበሃል፡ ተጋደልቲ ጀብሃ፡ በቲ ሓደ ወገን ካብ ተጋደልቲ ሻዕብያ፡ ዝጽረፎን ዝሓሰሮን ዝነበረ ከይ ኣኽሎ፡ መራሕቲ ጀብሃ ከኣ፡ ከም ብናይ ሻዕብያ ፖለቲካ: ዝሰድዔ ፎውዳዊ ሓይሊ ገይሮም ምጥርጣሮም እዩ። እዚ ከነሱ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ጠንቂ ናይ ውድቀት ጀብሃ፤ ፖለቲካ ጀብሃ ግን፡ ከም ግዳይ ናይ ሻዕብያን ወያነን ገይሩ ይሕብኣሉ።*

*ሻዕብያን ወያነን ኣብ ውድቀት ናይ ጀብሃ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ተራኦም፡ ከም ተጻወቱ ይዝከር። ወያነ፡ ክሳብ ሕጂ ኣዳዕዲያም ዝዛረብሉን ዝሕበንሉን ገበን እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ዝወደቐት ኦም፡ ምሳር ይበዝሓ ከም ዝበሃል" ልክዕ እዩ፡፡ እዛ ዓባይ ዳዕሮ ዚኣ፡ ሰራውራ ኣብ ካልኣይ ሀገራዊ ጉባኤ ምስ ተሃስየ፤ ሕቖኣ ከኣ ኣብ 1977 ዓም ምስ ተጎዘዘ፡ ረማዕ ንኽትብል ዝተረፋ ግዜ፡ ሓጺር እዩ ነይሩ።*

*ኣብ ዓመተ 1981፡ ሰራዊት ጀብሃ፡ ካብ ኩሉ ዝነበርሉ ኩርናዕ ሚዳ፡ ንባርካ ከዝልቕ ተኣዚዙ፡፡ እቲ ትእዛ ንተጋደልቲ ክርድኦም ስለ ዘይ ከኣለ፡ ብዘይካ "ተፈዲስና" እምበኣር ሕጅስ እንዳበሉ፡ ንዶብ ሱዳን ዝተጓዕዝዎ ጉዕዞ ዕርበት፡ ብረቶም ከራግፉ ምኺኖም ኣይፈለጡን። ሻዕብያን ወያነን ከኣ፡ ደድሕሪኣ እንዳ ሰዓቡ ኣፋንዮማ። ከም ፈነወ ናይ ሓንቲ መርዓት*

fewsilybee@yahoo.com

ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።

*ንዓዲ ዓና፡ ዳርጋ ከምዚ ዝዓይነቱ እዩ ዝነበረ መግለጺ ሓጎሶም " ደሓን ወዓሊ ድሪት ደሓን ወዓሊ . . . " ።*

*ከምዚ ክነሱ ተመክሮ ጀብሃ፡ እቲ ካብ ሽዑ ጀሚሩ፡ ነንሕድሕዱ እና ተመናጨተ ዝቐጸለ ተቓውሞ፡ ክሳብ ሕጂ ንመን ይቃውመ ከም ዘሎ ዘይ ነጸረን - ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ኢቃወም ኣሎኹ እንዳ በለ፡ ኣብ ምንጎ ቆላን ደጋን ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ፈላላይ ኣረኣእያ ኣጨናቒ እዩ። ኣብ ናይ ዓሌታውን ሃይማቶታውን ኣውራጃውን ውደባታት ተሰሪዖም፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከዘናብል ዝኽእል ነዝሕታት - መናወራት ተታሒዞም ይርከቡ። ተቓውሞ ብኽምዚ መልክዕን ኣገባብን፡ ኣፍራሲ ደኣ እምበር ሃናጺ ክኸውን ኣይ ክእልን። እሞ ከድኣ? ኣብ ዛዕባ ሰደትን ስደተኛታትን፤ ኣብ ዛዕባ ዕርቅን ተዓረቕትን፡ ናይ መድረኽ ቀጻሊ ቴማ ክኸውን እዩ።*

*_ይቕጽል_*

fewsilybee@yahoo.com
ርሑስ በዓል ነጻነት 23 - ሓድነት ህዝቢ ይደልድል።